# ሰንበት መለኮታዊ ምሕረት 2018 ዓ.ም.

## ሚያዝያ 11 2018 ዓ.ም. (4/19/2026)



ክርስቶስ ትንሥአ እሙታን በዐብይ ኃይል ውስልጣን አሰሮ ለሰይጣን አግዓዞ ለአዳም ሰላም እምይእዜሰ ኮነ ፍስሃ ወሰላም

**መዝሙር፡** ይትፌሣሕ ሰማይ ወትትሓሰይ ምድር. . ሰማይ ይተሓጎስ ምድሪ እውን ደስ ይበላ መለኸት ይወቓዕ ኩሉ አድባራትን ከበቢኡን ኩሉ አእዋም በረኻታትን ይታሓጎስ ፥ ሎሚ አብ ሰማያት ዓቢ ተሓጓስ ኮይኑ አሎ፥ ምድሪ ብደም ክርስቶስ ተሓጺባ ዓባይ ፋሲካ ትገብር አላ። ትንሣኤኡ ብሰንበት ገበሮ ከም ነዳዲ እሳት ናብ ሲኦል ወረደ። አብኡ ነቲ ማዕጾ ሓጺን ሰበሮ፥ አብ ሣልሳይ መዓልቲ ንሞት ሰዓሮ ንኃይሊ ጸልማት አባረሮ ይብል።

**ንባባት፡** 1ቆሮ 15፡20-41፥ ራእ1:9-11፥ ግ.ሓ.5:12-16፥ዮሓ 20፡19-31።

**ስብከት፡** ወተንሥአ እግዚአብሔር ከመ ዘንቃሕ እምንዋም ወከመ ኃያል ውኅዳገ ወይን፥ ወቀተለ ጸሮ በድኅሬሁ፥ ሽዑ እግዚአብሔር ከምቲ ኻብ ድቃሱ ዚትንሥእ ሰብ ተንሥአ፥ ከምቲ ነቢት ሰትዩ ዚዕንድር ጀግና ኾይኑ ተንሥኤ (መዝ። 78፡65-66)።

ቅዱስ አቦና ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት ዮሓንስ ጳውሎስ ፪ይ 30 ሚያዝያ 2000 ዓ.ም. ንዓለም ብዘገርም ነዛ ሰንበት ዘዳግማይ ትንሣኤ ሰንበት መለኮታዊ ምሕረት ኢሎም አብ ኩሎም ካቶሊካውያን ክትብዓል አዊጆም። እዚ ብዓል መለኮታዊ ምሕረት ዝብል ወላ እኳ ብመጠኑ ሓዲስ እንተ ኾነ እቲ መልእኽቲ ናይ አምላኽ አብ ፍቕሪ ዝተመስረተ ምሕረት ብርግጽ ሓዲስ ሓሳብ አይኮነን። ን2000 ዓመት ዝተሰብከ ቀንዲ ማእከል ክርስትያናዊ እምነት እዩ። አምላኽ ኩሉ ጊዜ አብ ልዕሊ ኃጥአን ምሕረቱ ምስ ሃበ እዩ። ወላ እኳ ብሰንኪ ኃጢአትና አብ ክንፍቀረሉ ዘይንኽእል እንተ ወደቕና፥ ዕብየትን ብዝሕን ኃጢአት ብዘየገድስ አምላኽ ኩሉ ጊዜ ምስ አፍቀረና እዩ። ምሕረት አምላኽ ኩሉ ጊዜ ነቶም ኃጢአቶም ተአሚኖም አብኡ ዝቐረቡ ክፉት እዩ።

አብዚ እዋን ትንሣኤ ንመለኮታዊ ምሕረት አምላኽ ዘኪርና ክነብዕል ዝሰማማዕ እዩ። አብ ብዓለ ትንሣኤ እንዝክሮ ዓወት ፍቕሪ አምላኽ አብ ልዕሊ ግዝአት አኃጢአትን ሞትን እዩ። ትንሣኤ ኢየሱስ ዝገልጾ ኃጢአትን ሞትን ናይ መጨራሻ ቃል ከም ዘይብለን እዩ፥ ማለት መወዳእታ ሕይወት አይኮናን ኲንአን ካልእ ሕይወት አሎ። አብዚ ክነስተውዕለሉ ዘሎና አምላኽ ካብ ሰማይ ንክፍአትና ብቑጥዓ ከም ዝምልስ ገርና ክንርእዮ የብልናን። አምላኽ ንኃጢአት ሰብ ክንርድኦን ክንበጽሖን ብዘይንኽእል መገዲ ብምሕረት ስዒርዎ።

አብዚ አዕሙቕ አቢልና ክነስተንትን ጽቡቕ እዩ፥ አብ ጎቦ ቀራንዮ ንወዲ አምላኽ ብሥጋ ብጭካኔ ቀቲልናዮ። መስቀል ብኻልእ አረአእያ ናይ መጨረሻ ናይ ወዲ ሰብ ንአምላኽ ምንጻግ እዩ ዘርኢ። አምላኽ ንደቂ ሰብ በቲ አብ ልዕሊ ወዱ ዘርአይዎ ጭካኔን ግፍዕን ካብ ገጽ ምድሪ ጨሪሹ ከጥፍኦም ካብኡ ዝምችእ ጊዜ አይነበረን እንተ ኾነ ብአንጻሩ ክምሕረና ተረኺቡ። አ

አቦይ ዝገብርዎ አይፈልጡን እዮም እሞ ምሓሮም ኢሉ ጸልዩ፥ ካብ ጎኑ ምስ ተወግአ ከም ጨራ ብርሃን ናይ መለኮታዊ ምሕረት ምልክት ወጺኡ።

ርእሰ ሊቃነ ጳጳሳት በነዲክቶስ XVI ከም ዘስተምህርዎ ኢየሱስ ክርስቶስ መለከታዊ ምሕረት ብአካል እዩ፥ ምስ ክርስቶስ ርክብ ምግባር ማለት ንምሕረት አምላኽ ምርካብ እዩ። ኢየሱስ ብገዛእ ፍቃዱ ሕይወቱ ንሞት ንመስዋዕቲ አወፊዩ እዚ ኸአ ንሕና ክንምሓርን ክንድሕንን ካብ ሞት ናብ ሕይወት ምእንቲ ክንሰግርን እዩ። ምሕረት ስም አለዋ፥ ምሕረት ገጽ አለዋ፥ ምሕረት ፍቕሪ ዝመልኦ ልቢ አለዋ።

እዚ ሎሚ እነብዕሎ ዘሎና መለኮታዊ ምሕረት አምላኽ ኢልናዮ ዘሎና ዘዘኻክሮ ነቲ ንሕይወትና ዝቐየረ ብዓል እዩ። አብ መንበረ ኑዛዜ ቀሪብና ኃጢአትን ክናዘዘ ከሎና ርኡይ ምሕረት አምላኽ ኢና እነስተማቕር። ካህን ክፈትሓና እንከሎ ኃጢአትካ/ኪ ተሓዲጉልካ/ኪ እዩ ካብ ሕጂ ንድሓር አይትአብስ ብሰላም ኪድ ይብለና። እዚአን ቃላት ሕይወት ዝቕይራ ምሉእ ምሕረት አምላኽ አዊጀን አብ ልብና ዕረፍትን ሓጎስን ዝፈጥራ እየን። ዝኾነ ኃጢአት ወላ እቲ ዝኸፍአ ይኹን ሓንትስ ተአሚናካ ምሕረት ሕተት እምበር ብአምላኽ ዘይምሓር የለን።

ንአምላኽ እናአምስገና ነቲ ጥዑም ምሕረቱ እናአስተማቐርና ንጸሊ እዚ ኸአ አብኡ እምነት ብምግባር ኢና። ዝዓበየ ኃጢአት ወላ ይኹን ብማይ ምስጢረ ጥምቀትን አብ መንበረ ኑዛዜን ዘይምሓር የለን። ካባና ዝድለ ክፍአትካን ድኽመትካን ተአሚንካ ምሕረት ክትሓትት ምቕራብ ጥራሕ እዩ።

አብዚ እዋን ብፍሉይ ክንጽልየሎም ዝግብአና አለዉና ብፍላይ ነቶም ንምሕረት አምላኽ ልቦም ዓጽዮም ዘለዉ። አብ ስድራና፥ አብ ቊምስናና አብ ስራሕና ወይ እዋን አብ ከባቢና ክህልዉ ይክአል እዩ፥ ስለዚ ሎሚ አፍልቦም ክንኩሕኵሕ እሞ ልቦም ንአምላኽ ክኸፍቱሉ ክንሕግዝ እዋኑ እዩ። ቤተ ክርስትያን ከይከዱ ዝተፈላለየ ምኽንያት ይፈጥሩ ወይ እውን እምነት አብ አምላኽ አጥፊኦም ይኾኑ። ወይ እውን ዘሕፍር ዓቢ ኃጢአት ገሮም ይኾኑ ወይ ከአ ካብቲ ሕማቕ ሕይወቶም ወይ አመል ክወጹ ስዕረት ኮይኑ ክስምዖም ይክአል፥ ገለ ኸአ አብ ውሽጦም ጽልኢ አምላኽ ሓቢኦም ዝነብሩ ብሰይጣን ተገዚኦም ዝነብሩ ክኾኑ ይክአል ስለዚ ክንጽልየሎም እዋኑ እዩ።

ሎሚ ገሊጽና ክነግሮ ዘሎና ምሕረት አምላኽ ወላ ነቶም ካብ መጀመርያ ንአምላኽ ልቦም ዝዓጸው፥ ካብ ፍርኂ፥ ካብ ትሪ ልቢ፥ ካብ ዘይምንሳሕ ወይ ምጥዓስ ዝተላዕለ እውን ከይተረፈ ክፉት ምዃኑ ክርእዩ ክንሕግዝ። አብ ናይ ሎሚ ወንጌል እዚ ግሉጽ ኮይኑ ኢና እንረኽቦ። መዓጹ ናይ እቲ ላዕለዋይ ደሪቢ ተዓጽዩ እንከሎ ኢየሱስ ካብ ሞት ተንሢኡ አብቲ ዕጹው ገዛ አትዩ ሰላም ክእውጀሎም መጺእዎም። ሰላም ንአኻትኩም ኢልዎም እዚ ሰላምታ አብ ልቢ እቶም ብፍርሒ አይሁድ ተሸቚሪሮም ንዝነበሩ ሓዋርያት ፍሉይ ሰላምታ እዩ። ነቲ ፍርኂ ጸልማት ጎልቢብዎ ዘሎ ልቦም ዝቕይርን አብ ሓዲስ ሕይወትን ምዕራፍን ክአትዉ ዝዕድም ሰናይ ዜና እዩ። አምላኽ ጎልቢቡ ሒዙና ካብ ዘሎ ጸልማት ክቐንጥጠልና ኩሉ ጊዜ ነዚ ሰላምታ ክህበና ይመጽእ። ክንቅበሎ ክንሰምዖ ናታትና ተራ እዩ።

አብዚ እዋን ወላ እቲ ተሪር ልቢ ከይተረፈ ክኽፈት አለዎ ግን ክንጽልየሎም አሎና። ንዝተዓጽወ ልቢ ክኽፈት እንተ ኾይኑ ብዙሕ ጸሎትን ጾምን ንስሓን ምግባር የድሊ። ሰብ ሓንሳብ ልቡ ምስ ዓጸወ ሰይጣን እዩ ዝመልኮ ሽዑ ነቲ ሰናይ አምላኽ ክሰምዕ ወይ ክቕበል አይክእልን እኳድአ አቦ ሓሶት ዝኾነ ድያብሎስ ዝተፈላለየ ሓሶትን ዘታልልን ነገራት እናቐረባ ብሓቂ ክርስቶስ ከም ንነጽግ ይገብረና። ልቢ ሰብ ክቕየር ንደሊ እንተ ኾና ተስፋ ከይቆረጽና ብቐጻሊ ጸሎት ብፍላይ መስዋዕቲ ቅዳሴ ከምኡ ዝተፈላለዩ ጸሎታት ከም ንባብ ቅ. መጽሓፍ፥ መቍጸርያ፥ ፍኖተ መስቀል ውዳሴ ማርያምን ካልኦት ጸሎታትን ክነዘውትር አሎና።

ሰንበት መለኮታዊ ምሕረት ኣብ ምእዋጅ ቅድስና ቅ. ፋውስቲና ኮቫልስካ ብዓልቲ ፖላንድ እዩ ተኣዊጁ። ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ንቅድስት ፋውስቲና ብዙሕ ጊዜ ተገሊጽዋ፥ ደጋጊሙ ዝበላ ምሕረቱ ንኹሎም ደቂ ሰባት ከውርድ ድላዩ ከምዝኾነ።

ካብ ቅ. ፋውስቲና እንቕበሎ ኣብዚ እዋን ዝውቱር ጸሎት ኮይኑ ዘሎ መድገምያ ወይ መቍጸርያ መለኮታዊ ምሕረት ብዝብል ዝፍለጥ እዩ። ሓጺር ጸሎት ከም መቍጸርያ ዝድገም ንኣምላኽ ምሕረት ዝልምን ምእንቲ ስቓት ዝመልኦ ሕማማቱ ንዓናን ንመላእ ዓለምን ምሓረና ዝብል እዩ። እዚ መድገምያ ብግሊ ወይ ብማሕበር ክድገም ይክኣል፥ ኣብ ብዙሓት ቍምስናታት ቅድሚ ወይ ድሕሪ ቅዳሴ ይድገም።

ኢየሱስ ባዕሉ ንቅ. ፋውስቲና ከምዚ ኢልዋ ጓለይ ነዚ ኣነ ዝሃብኩኺ መድገምያ ክደግማ ኣበራትዕየን. . . ንነፍሳት ከድሕን ሓግዝኒ። መድገምያ መለኮታዊ ምሕረት ግሩህ ቀሊል ግን ብጣዕሚ ኃያል ጸሎት እዩ። ምእንቲ እቶም ልቦም ንኣምላኽ ዝዓጸዉ እሞ ኣብ ኣፍደገ ገሃነም ዘለዉ ንጽልየሎም።

ቅ. ፋውስቲና ኣብ ጻዕሪ ሞት እንከላ ምእንቲ እተን ልበን ንኣምላኽ ዝዓጸዋ ነፍሳት ጸልያ። ብጸሎታ ኣብ ቅድሚ ሓደ ሰብኣይ ኣብ ኣፍደገ ሞት ኣብ ስቓይ ዘሎ ክትርኣዮ ክኢላ። እዚ ሰብኣይ ተጋዲሙ ደቂሱ እንከሎ ኣጋንንቲ ንነፍሱ ኣብ ገሃነም ክወስዱ ይጽበዩ ነሮም። እንተ ኾነ ቅ. ፋውስቲና ቀጺላ ምእንትኡ ምእንቲ ስቓያት ዝመልአ ሕማማቱ ንዓናን ንመላእ ዓለምን ምሓረና እናበለት ደጋጊማ ጸልያ። ሽዑ ንሽዑ እቲ ኣብ ኣፍደገ ሞት ዝነበረ ሰብ ዘፍ ኢሉ ሃዲኡ ምእንቲ እቲ ኩሉ ዝገበሮ ኃጢኣት ክንሳሕ ዝብል ኣብ ልቡ መልኦ። በቲ ጸሎት መለኮታዊ ምሕረት ሰላም ረኺቡ እዚ ኹሉ በቲ ቅ. ፋውስቲና ዝደገመቶ ጸሎት መለኮታዊ ምሕረት እዩ። ጸሎት መለኮታዊ ምሕረት ኣዘውቲርና ክንጽሊ ከሎና ዓቢ ጸጋ ኣልኦ።

ብዙሓት ነፍሳት ኣብ ኣፍደገ ገሃነም እሳት ከምዘለዋ ዘይንኣምን እንተ ኾና ንርእስና ነተዓሻሹ ወይ ንጥብር ኣሎና ማለት እዩ። ገለ ሰባት ኣለዉ ክሳብ መጨረሻ ደቒቕ ሕይወቶም ንምሕረት ኣምላኽ ዝነጽጉ ወይ ዝኣብዩ። ኣምላኽ ግን ክሳብ መጨረሻ ከምቲ ንቅ. ፋውስቲና ዝበላ ብመድገምያ መለኮታዊ ምሕረት ከድሕኖም ይደሊ።

እዚ ኹሉ ኣብ ዓለምና እንርእዮ ጽልኢ፥ ውግእ፥ ዓመጽ፥ ኣድልዎን ዝርጋንን ምሕረት ኣምላኽ ከም ዘድለየና እዩ ዝገልጽ። ሎሚ ከምሎሚ ብዝያዳ ክርስትያን መሳርሕቲ ምሕረት ኣምላኽ ክንከውን ብጸሎትናን ኣብ ግብሪ ብዝርአ ናይ ፍቕሪ ተግባራትናን ክንገልጾ ይግባእ። ከምቲ ኣቦና በነዲክቶስ XVI መለኮታዊ ምሕረት መግለጺ ፍቕሪ ኣምላኽ እዩ ዝበልዎ ኣብ ዓለም መብራህቲ ኮና ኩሉ ጊዜ ነታ ጭልምልም እትብል ዓለምና ተስፋ እንህባን እነብርሃን ንሕና ስለ ዝኾና ትብዓት ለቢስና ምእንቲ ሓቅን ፍትሕን ክንጽሊ ንስራሕ ድያብሎስን ልኡኻቱን ኣብ ዓለም ክንስዕር ግደና የድሊ ኣሎ።

ሰብ ብኹሉ ይጠፍእ ኣሎ ዝምንጥሉን ዘጋግዩን ካብቶም ናተይ ዝብሎም ከይተረፈ ጭካኔ ብዝመልኦ ካብ ኣምላኽ ይፍለ ኣሎ ስለዚ ኣብዚ ብሩኽ ሰንበት ሓቢርና ምሕረት ኣምላኽ ክንልምን። ፍረ ትንሣኤ ኣብ መንጎና በዚሑ ክርከብ ንጸሊ። ኦ ኣምላኽ ከም ምሕረትካ እምበር ከም በደልና ኣይትኽደና እናበልና ንለምኖ።

ብሩኽ ዳግማይ ትንሣኤን ሰንበት መለኮታዊ ምሕረት ኣምላኽን ይግበረልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ